# ማሕዩር ዋላ
# ንኣስከሬን ተቓለስቲ!

*ዕረፍቲ ናይ ተጋዳላይ ስዩም ዕቕባሚካኤል፡ ንኣእምሮይ ከም ስሕበት-ቃታ (trigger)ፈጢሩሉ እምበር፡ ብመሰረቱስ ናይ መጀመርታ ኣይኮነን።*

መሰረት ፍቕሪ ሃገር፡ ኣብ ሓልዮትን ድንጋጸን ናይ መላእ ህዝባ ዝሰረጸ'ዩ። ንህዝቡ ዘየፍቅር ንሃገር ከፍቅር ዘይሕሰብ'ዩ። ህዝቢ ካብ ሃገር ወይ ሃገር ካብ ህዝቢ ፈሊኻ ምርኣይ ጎደሎ ምስትውዓል እምበር፡ ሓቅነት የብሉን። ስለዚ፡ ከርሲ ነገር ናይ ሃገራውነት፡ ፍቕሪ ናይ ህዝብን፡ ኣብ ሰብኣውነትን ርህራሄን ሓልዮትን ዝረዓመ'ዩ።

ፍቕሪ-ሃገር፡ ሓያልን ብርቱዕን ብምዃኑ፡ ምእንታኣ እታ ካልኣይ ጊዜ ከም ብሓዱሽ ክትስራዓ ዘይትኽእል ብሕታዊት ሂወት ትልግሰላ፣ እወ፡ ንሃገር። መበገሲት፡ መኾስኰሲት፡ መሰሰኒትን መዕኰኾትን ናይ ሓርበኝነት ከኣ ቾኸውን። ሃገር፡ ፈልፋሊት ሓርበኛዊት ፈለግ ብምዃና፡ መሬተይ ትብላ፡ ትደርሰላ፡ ትቓኒየላ፡ ትዝምረላ፡ ክሳብ ሂወትካ ከኣ ትብጀወላ።

ኤርትራ፡ መሬትን ህዝብን ዘጠቓለለትን ፍረ ውጽኢት ናይ ኣዝዮም ብዙሓት ስውኣት ሃገር ኢያ። ኤርትራውያን ተቓለስቲ ዝተፋላለየ ናይ ትምህርቲ፡ ናይ መነባብሮ፡ ናይ ሃይማኖታዊ እምነት፡ ናይ ዘርኢ፡ እኳ እንተነበሮምን እንተሃለዎምን፡ ናይ ሓደ ሃገራዊ መንነት መንፈስ ዝፍጠረሉ ባይታ ሰሪቶም። ብረት ዝጸረን ዘይጸረን፡ ብሓደ ቀልብን ሃምን ንኤርትራዊ ነጻነት ብተወፋይነት ኣበርኪቶም። ነዚ መስረት'ዚ፡ ሒዞም ንቕድሚት ናብ ህንጸት ሃገር ኣብ ክንዲ ምቕጻል፡ ንየማን ንጸጋም ዘባዕባዕ ዝብል ዝምባሌታት ይሃሉ እምበር፡ ካብ በሰላ ምሕዳግ ሓሊፎም ኣብ ዝበጽሕዎ ኣይህሉን። እወ፡ ምህናጽ ሃገር፡ ናይ ዜጋታታ ውርዝውና፡ ብቕዓትን ምስትውዓልን (virtue)፡ ብቅድመ-ኩነት ዝሓትት ኢዩ። ብልጫ ዘለዎ ስራሕ ምዝውታር እምበር፡ ኣብ ፍልልያት ርእሲኻ ነቐፌትካ ብምንባር እትስርሕ ሃገር ኣይትህሉን። ሕድገት ምልክት ትብዓትን ልቦናን እምበር፡ ምልክት ድኽመት ኣይኮነን።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ውርዝውናን ምስትውዓልን (virtue) ክህልዎ ንምንታይ ይጸልኦ? ነዚ ኣደብ'ዚ ምኽታል ጥራሕ'ኳ ካብ ህዝቢ ኣይምነጸሎን። ምሰዓረሉ እምበር ኣይምሓፈረሉን። እቲ ንሜዳ ምውሓዝ ብዓንተብኡ ንህዝቢ ንምግልጋል ኢዩ ነይሩ። ወዮ ናይ ህዝቢ ኣገልጉሎት ንምንታይ ተረሰዐ? ተጋደልቲ ናይ ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ዝተቓለስናሉ ዕላማ! ክብሉና ከለዉስ፡ ብዘይካ ንህዝቢ ምግልጋልን ንኤርትራ ካብ መግዛእቲ ሓራ ምውጻእን እምበር ካልእ ዕላማ ዝነበሮም ኣይመስለንን።

ብረታዊ ገድልና ካብ ዘከርኩ፡ ኤርትራ ከም ብዙሓት ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት፡ ሰላማዊ ሰልፍታት ብምግባር፡ ወይ ንሓጺር እዋን ብረታዊ ረጽሚ ብምክያድ ዝተረኽበት ሃገር ኣይኮነትን። ኣሽሓት ኣጥፊእና ረኺብናያ፡ ሕጂ ኣሽሓት እናጥፋእና ክንከስራ ግን ዓገብ ኢዩ። ብዓንተብኡ ኣሽሓት ምጥፋእ ዘኽርዕ ኣይኮነን፣ በዚ ዝኾርዕ እንተሎ፡ ዝተጋገየ ጥራሕ ኢዩ፣ ምዕቃብ እምበር፡ ምጥፋእ ክሳራ ስለዝኾነ። ብረታዊ ተጋድሎና'ውን፡ ግዱድ እዋጅ እምበር፡ ቀዳማይ ምርጫ ኣይነበረን።

ግዱድ ኮይኑ ምስ ምስተረኽበ ግን ህዝቢ ኤርትራ ኩቲቱ። እቲ ዓረምሾሻዊ ተሳትፎ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ዝኸፈለ ከፊሉ ነጻነት ኣረጋጊጹ። ነቲ ብረት ፈኲስ ይኹን ከቢድ፣ ነታ ታንኪ፡ ነታ ሓይሊ ባሕሪ ዘንቀሳቓሰን ሞያ ናይ ነጻነት ክኸውን ዝገበረ፡ ሓይሊ ሰብ ኢዩ። እቲ ክቱርን ክምህ ዘይብልን ተወፋይነት ብድፍኑ'ኳ ዝግለጽ እንተኾነ፡ ግደ ወልቀ-ሰባት ዕዙዝ ተራ ዝተጻወተ ምዃኑ ኣይሳሓትን። ስለዝኾነ ሎሚ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ክንዲ ነቶም ፍሉይ ቅያን ጅግንነትን ዝፈጸሙ ሓርበኛታት ምዝካር፡ ከም ሓወልቲ ን“ታንኪ” ወይ ድማ ን“ሽዳ/ኰንጎ ሳእኒ” ክሰርሕ ምምራጹ የሕዝን። ብወገነይ ፍቕሪን ተዘክሮን ናይ ህዝቢ ኤርትራን ናይ ተቓለስቲ ኤርትራን እምበር፡ ናይ ኣጽዋር ውግእን ናይ ሽዳ ሳእኒን የብለን፣ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ኣይህልዎን። ስለዚ ሓወልቲ ናይቶም ቅያ ዝፈጸሙ ሓርበኛታት ተጋደልቲ ክትከል ምተገበአ። ሓርበኛታት ኤርትራውያን ከኣ፡ ከም

ኤርትራውያን እምበር፡ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሓርበኛ ወይ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርበኛ ተባሂሎም ኣይክፍለጡን እዮም። ንብርትዒ ክመዝኑ ዝኽእሉ ኤርትራውያን፡ ፖለቲካዊ ውድቦም ብዘየገድስ፡ ኣብ ቃልሲ ኤርትራ ግዲኦም ዘበርከቱ ኩሎም፡ ሓርበኛታት እዮም። ስለዝኾኑ፡ ነፍስሔር ስዩም ዕቅባሚካኤል ከም ኩሎም ሓርበኛታት ኤርትራውያን ሓርበኛ ኢዩ። እዚ ሓርበኛ ኤርትራዊ'ዚ፡ ብሞት ክፍለ ከሎ መሪር ሓዘን እስማዓኒ። እቲ ሓዘን ብዕረፍቱ ኣይኮነን፡ እንታድኣ፡ ሂወቱ ሙሉእ ዝተቓለሰላ ሃገር እፎይ ኢሉ ከየዕረፈላ ኣብ ስደቱ ብምስንባቱ ኢዩ። እዚ ዕጫ'ዚ ናይ ስዩም ጥራሕ ኣይኮነን፡ ናይ ኣዝዮም ብዙሓት ሓርነበኛታት ኤርትራውያን ሃለዋት እውን'ዩ። ነፍሲሔር ስዩም፡ ከም ተጋዳላይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ወይ ከም ኣቦ-መንበር ሰውራዊ ባይቶ ዝነበረ ኣይኮነን ክዝክሮ ዝደሊ፡ ከም ተቓላሳይ ኤርትራውን፡ ብፍላይ ከኣ፡ ካብ ቅድሚ 1965-1975 ዝፈጸሞ ኣዝዩ ዘሹርዕ ታሪኽ ብዙሕ ንዘሕብነኒን እምበር።

እወ፡ ናይ ብዙሓት ጀጋኑ ኤርትራውያን ኣስከሬን፡ ካብ'ታ ኣዝዮም ዝፈትውዋን ዝተቓለሱላን መሬት ኤርትራ ወጻኢ ተቐቢሩ ኣሎ። ናይ መልኣከ ተኽለን ናይ ስዒድ ሳልሕን፡ ከምኦም ዝኣመሰሉ ኣዝዮም ብዙሓት ጀጋኑ ኤርትራውያን ኣስከሬን፡ ንመቓብር መሬት ኤርትራ ተነፊግዎ። እወ፡ ብሂወት ከለዉ እኳ ዝተነፍጎምስ፡ ናይ ኣስከሬኖም ግዳ ...? ዝብል መጎት ክላዓል ይኽእል። እርዳኣኒ፡ ሓቂ እውን'ዩ። ግን ስርዓት ኤርትራ፡ እዞም ተዋዳደርተይ ንዝብሎም ባእታታት ብሂወቶም ኣብ ኤርትራ ክቕመጡ ኣየፍቀደን። ኣስከሬኖም ግን የፍረሖ ኢዩ ኣይብልን፡ ሰብኣውነት ዘይምህላው እምበር።

ናይ ስዩም ኣስከሬን መንግስቲ ሆላንድ ሓላፍነት ክወስደሉ ከሎስ፡ ስርዓት ኤርትራ ዘይሓተሉ ምኽንያት ኣይምሃለወን። ብናይ ስዩም ኣስከሬን ምግዳስ፡ ናይቲ መዋቲ ውልቀ-ሰብ ክብሪ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ክብሪ ኤርትራውነት ኢዩ። ናይ ትሕትና/ምምቕላል (civility) ኣርኣያ ኢዩ። እዞም ብሰንኪ ዘይሰብኣውነት ጠባይ ስርዓት ኤርትራ ብህላውነቶም ዘይኮነስ፡ ኣስከሬኖም እውን ሓመድ እንዳብኡ ዝሕረሞም ዘሎ ኤርትራውያን፡ ውዒሉ ሓዲሩ ናብ መሬት ኤርትራ ምውሳዱ እኮ ኣይተርፎን ኢዩ። ኣብ'ዚ ነጥቢ'ዚ፡ ሰርዓት ኤርትራ ተጋጊኻ ክብለኒ ኣይክእልን ኢዩ።

## ኣብ መወዳእታ መልእኽቲ ናብ ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ- ፕረዚዳንት ሃገረ-ኤርትራ፡-

እገረ መንገደይ፡ ከም ወዲ ሃገር ምሕጽንታይ ከቕርብ ኣፍቅደለይ፡-

ናይ ሃገረ-ኤርትራ ፕረዚዳንትነት ብሒትካዮ ካብ ሃለኻ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብዘይኣፋላላይ ክትኣልዮ ንዓ ኻን ንህዝቢ ኤርትራን ሰናይ ምግባር ነይሩ። ሕማቕ ምግባር፡ ንዓኻ ይኹን ንሃገረ-ኤርትራ መዕነዊ ጥራሕ ኢዩ። ንሸኻ ከም ውልቀ-ሰብ ነባራይ ኣይኮንካን። ከምትርደኦ፡ ታሪኽካ ድሕሪ ሞትካ ብተግባርካ ንዘልዓለም ክዝከር ክነበር ኢዩ። ተግባርካ፡ ኩሉ ኣደብካን ኣበርክቶኻን(እወንታ ይኹን ኣሉታ) ዝያዳ መጽናዕቲ ከምዘድልዮ'ኳ ዝኣምን እንተኾንኩ፡ ብፍላይ መሳኺ፡ ባሓቲ፡ ህዉኽን ቦቕታ ስጉምትታትካ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብሕሱም ይጎድኦ ምህላዉ፡ ትስሕቶ ኢኻ ኣይብልን። ንሸኻ ብሓላፍነትካ ዝፈጸምካዮ ይኹን ኣብ ብረታዊ ተጋድሎና ብዝኾነ ብዓል ስልጣን ዝተወስደ ስጉምትታት፡ ኩሉ ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ፡ ፍትሒ ክረክብ ምኺኑ ይኣምን።

ጌጋ ብጌጋ እናገጠምካ ዝኸይድ ጉዕዞ መዕረፊ ኣይረክቦን ኢዩ። ምእራም፡ ብቐሊሉ እትምጻሕ መዓ ርፎ እኳ እንተዘይኮነት፡ ከም ምርጫ፡ ቁልፍኻ ሸጥ ኣቢልካ ክትገጥማ እማሕጸነካ። ንኣስከሬን ኤርትራውያን፡ 2%ግብሪ ኣይከፈሉን ተባሂሉ፡ ሓመድ ዓዶም ክንፈጎም ዝኾነ ዓይነት ርትዒ ከተቕርበሉ ኣይትኽእል ኢኻ። ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊት ስድራ ቤት፡ ብ2% ዝግመት ግብሪ ጥራሕ ኣይኮነትን ከፊላ። ሕጂ'ውን ንሃገሩ ከዕብን ሓፍ ከብልን ዘይደሊ ኤርትራዊ ኣሎ ኣይብልን። እቲ ጸገም ንሸኻ ትኽተሎ ዘለኻ ኣመራርሓ ኢዩ። ከምኡ'ውን ብሰንኪ ክትክተሎ ዝመረጽካዮ ፖሊሲ፡ ካብ ሃገሮም ሃጽ ኢሎም ክጠፍኡ ንዝግደዱ ዘለዉ መንእሰያት፡ ንወለዶም ብምእሳርን፡ ዕዳ ብምስላዕ፡ ከም ምንጫዊ እቶት ጌርካ ክትጥቀመሉን ብሓቂ ዘጉሂ ኢዩ። ንሸኻ፡ ኣነን፡ ካልኦት ኣሽሓት ኤርትራውያንን ንስርዓ ት መግዛእቲ ጥንጥን ኣቢልና ናብ ሜዳ ክንሰለፍ ከለና፡ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ከም'ዚ ንሸኻ

***ትገብሮ ዘለኻ ኣይገበረን። ስለዚ ናብ ልብኻ ተመሊስካ ክልተ-ሳዕ ክትሓስበሉ ኣማሕጽነካ። ምረት ህዝቢ ኤርትራን፡ ይኣክል፡ ይኣክል..!!!***

***ህልኽን እንኪሒራን ገዲፍካ፡ ከም ሰብ፡ ሰብኣውነት ክህልወካ ምፈተኹ። እቲ ፕረዚዳንትነት ስልጣን ንበይንኻ ክትብሕቶ ምርጫኻ ካብ ኮነ፡ ክሳብ'ቲ ናይ ምትሕትታት እዋን ዝመጽእ፡ ፕረዚዳንት ናይ ኩሎም ኤርትራውያን(ናይ ዝድግፈካን፡ ዝምክተካን) ምዃንካ እንተዘይዘንጋዕካዮ ምሓሸ እብል። ሕጂ ብዛዕባ ነፍሲ-ሔር ስዩም ዕቕባንኪኤል ከዘኻኽረካ።***

***ዕረፍቲ ናይ ስዩም ሰሚዕካዮ ኢኻ። ስዩም መሰታኻን መማህርትኻን ነይሩ። ናይ ስዩም ዕቕባሚካኤል ህቡብ ሃገራውነት ብዝያዳ ንሸኻ ክትርደኦ ትኽእል እመስለኒ። እቲ ናይ 1965 ካብ ልዑል መኰንን ካልኣይ ደረጃ ክትምረቑ ከለኹም ዝተላዓልኩምዎ ስእሊ ተመልኪተዮ። ንሸኻ ኣለኻ፡ ናይ ስዩም ዕ ቕባሚካኤል ስእሊ ግን ኣብኡ የለን። ኣብቲ እዋን እቲ ስዩም፡ ልዕሊ እቲ ምረቓ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቱ፡ ናይ ሃገሩ ጉዳይ ዓዚዝዎ ነይሩ። ቅድሜኻ ከኣ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ተሰሊፉ። ኣብ ዕ ዮ ምግዳሉ፡ ብስርዓት ናይ ኢትዮጵያ ምስ ተኣሰረ ከኣ፡ ንኤርትራዊ መንነትን ነጻነትን ኣሕሊፉ ክምዘይሃበ ትስሕቶ ኢኻ ኣይብልን። ናይ ሞት ፍርዲ ኣብ ሂወቱ ምስ ዘንበየት ደኹን ናይ ኢትዮጵያዊት ሸላ ምስ ኩሉ መቕጻዕታን ኣዳራዓን ድኩቱ እናስተየቶ ከላ፡ ኣብ ኤርትራውነቱ ክምህ እኳ ከይበለ ጸኒዑ መኪቱ። እሞ እዚ ሰብ እዚስ እቲ ኤርትራዊ ሓርበኛነት ኣበየናይ ታሪኹ ኢዩ ክሕደጎ? ዋላ ደም እናጠዓመካ፡ ንሓርበኛዊት ኤርትራዊት ኣስከሬን ናይ ስዩምን ናይ ካልኦት ከምኣ ዝኣመሰላን፡ ኣብ ኤርትራ ክዓርፍ እንተዓደምካየንስ እንታይ ኮን መጎደለካ? ከምዝርዳኣኒ፡ እዚ ኤርትራዊ ክብሪን ሰናይ ምግባርን ኢዩ። ከምዚ ምዃኑ ሓሊፉኽ ንኤርትራዊ ክብሪ ብከመይ ዲኻ ትርእዮ?***

***ጸጋይ ነጋሽ***